# ሚኒስተር ፋይናንስ፡ ንግድን ቁጠባን ቐጠር፡ ሃገሩ ምስ ኤርትራ ዘለዋ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ብዝበለጸ ክትቕጽሎ ከምእትደሊ ገሊጹ።

------------ 0 --------------

ሚኒስተር ፋይናንስ፡ ንግድን ቁጠባን ቐጠር ሚስተር ሑሴን ከማል፡
ሃገሩ ምስ ኤርትራ ዘለዋ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ብዝበለጸ ክትቕጽሎ ከምእትደሊ ገሊጹ።

ንሱ ብ7 ሓምለ ምስ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ቐጠር ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ኣብ ዶሓ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ብዛዕባ ህሉው ዝምድና ክልቲኤን ሃገራትን ዝሕይለሉ ኣገባብን ዘትዮ።

ሚኒስተር ሑሴን ኣብቲ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኮሚቴ ወጻኢ ወፍሪ ቀጠር ከም ምዃኑ መጠን፡ ምስ ኤርትራ ኣብዚ መዳይዚ ንኽሰርሕ
ዓቕሙ ብዘፍቀደ ክጽዕር ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም ብወገኑ፡ ቀጠር ምስ ኤርትራ ንትገብሮ ምትሕግጋዝ ብምምጓስ፡ ኤርትራ ንናይ ቀጠር ኣውፈርቲ ብኹሉ መዳይ ንምትሕግጋዝ ድልውቲ ምዃና ገሊጹ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም ምስ ሚኒስተር ጥዕና እታ ሃገር ዶክተር ሓጀር ኣሕመድ ሓጀር ተራኺቡ፡ ክልቲኤን ሃገራት ኣብ መዳያት ሕክምና ከካይድኦ ብዛዕባ ዝኽእላ ምትሕግጋዝ ተመያይጡ።

ዶክተር ሓጀር፡ ሚኒስትሪኡ ንኤርትራ ናይ ሕክምና መሳርሕታት ኣብ ምብርካትን ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን፡ ክትተሓጋገዝ ድልውቲ ምዃና ንኣምባሳደር ዓሊ ኣረጋጊጹሉ።

----- ኣዜኤ -------